02/20/2010

# ኣይሞቱን ኣለዉ!!!!

ቀዲሞም ዝኸዱ ድሓር ዝሰዓቡ፣
ኣርሒቖም ኣሚቶም ንወለዶ ዝሓስቡ፡፡
ሞይቶም’ ያ ኢለሙዎም የለዉን ብህይወት፣
በድን’ ያ ኾይኖም ኣትዮም ትሕቲ መሬት፡፡
የለዉን ርሒቖም ዝበለ መንዩ?
ፋና ህልዉንኦም ዘይርኣየ ፈልዩ፡፡
ንሳቶምስ ኣለዉ
ኣይሞቱን ኣለዉ!!!
እስቲ ኣስተብህልዎም ናይ ትግራይና ኣኽራናት፣
ኪዱ ሕተቱዎም ሽንጥሮ ሩባታት፡፡
ኣረ ረኣይዎ ከተማታት ዓዲ፣
ፈትሽዎ ሜዳ ኩርባ ናይ መንገዲ፡፡
ጋድም መስርዕ ስርሖ ኩሉ ዳህስስዎ፣
ወፈርኩም ቁሽታት እስቲ ርኣይዎ፣
ሕድሕድ ስዳረኹም ተኽሊ ስዉእ ኣለዎ፣
ታሪኽ ባ ኾይኑ!
ታሪኽ’ ባ ኾይኑ!
ዘፀግም ምእማኑ፡፡
ከምቲ ናይ ወትሮም ከምቲ ጅግንነቶም፣
ኣብ ሩባ ሽንጥሮ ጉድጓዳት ኩዒቶም፣
ኣእማን ዓዱም ኳንዮም ደፊዖም ዓሪዱም፡፡
ወተሃደራዊ ሳይንስ ፍፁም ዘይበፅሖ፣
ተኣምራዊ ኮሞፍላጅ ኣርእዮም እንሆ፡፡
ውሒጁ ውሒጁ ደም ናይ ጀጋኑ፣
ናብ ማይ ተቐይሩ መሽረብ መስኖ ኾይኑ
ዓይኒ ፍልፍል ቡንቧ ዝስተ ማይ ኮይኑ፡፡
ዘልኣለም ዘርዊ ፃምእ ውፁዕ ህዝቢ፣
ኩልሻዕ ዘይርሳዕ ዝነብር ኣብ ቀልቢ፡፡
ተዘርጊሖ ኣብ ኩሉ ኣስዋር ጅማውቶም
መስመራት ፈጢሮም መራኸቢ ህዝቦም፡፡
ኣዕፅምቶም ብሙሉኡ ከም ሽግ ተሰሪዑ፣
ገጠር ከተማታትና መብራህቲ ወልዑ፡፡
ሽኻል ዓምዲ ኮይኑ ድልድል ናይ መንገዲ፣
መሰረት ህልዉና ናይ ልምዓት መኣዲ፡፡
ተከዘ ወሪዱ ሰሪሖ መስተንክር፣
ሞይቱ ዝተባህለ ዓፅሚ ኣርእዩ ተኣምር፡፡
ስግኦም ድኹዒ ኮይኑ ሃገርና ኣልሚዑ፣
ትንፋሶም ህያው ኮይኑ ቅሳነት ዘሪኡ፣
ይለፍዑ’ዮም ዘለዉ ሕዚውን ኣይዓረፉን፣
ሓሊፎም ኣይትበሉ ተፈልዮም የለዉን፡፡
ስለዚ እዚ ኣስተውዒልና ሓቦና ሰኒቕና፣
ሕድሮም ከይዓብር ንቀበል ኣትሪርና፣
እጃምና ነበርክት ኣብ ዘዘለናዮ፣
ዕላማ ስዉኣትና ዛዚምና ነርእዮ፡፡

ካብ ኣዜብ (ጓል በቀለ)